ቢሮ ቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናን ክልል ትግራይ ንቢሮና ግልጋሎት ዝዉዕሉ ዝተፈላለዩ ዓይነት ናይ ፅሕፈት መሳርሒመለዋወጢ አቁሑት መኪናን ጎማን ብግለፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ መስከረም 22, 2010 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሓሙስ ጥቅምቲ 2, 2010 06:00 ደ/ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:30
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሓሙስ ጥቅምቲ 2, 2010 06:00 ደ/ሰዓት
መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሸከርካርቲ/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

ስለዚ አብዚ ጨረታ ክትወዳደሩ ትደሊዩ ነጋዶ ዝስዕብ ሮቆሓ ክተማልኡን ክትወዳደሩን ይዕድም

1 ናይ 2009ን 2010ን ዓ/ም ዝተሐደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ

2 2009ን 2010 ን ዓ/ም ዝተሐደሰ መቀረባይነትን ሰርቴፊኬት

3 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ TIN ሰርተፌኬት

4 ናይ ቫት ሰርቴፊኬት

5 ናይ ወርሒ ሓምለን ነሐሰን 2009 ዓ/ም ዴክሌር ዘገበርኩሙሉ መረዳእታ ክተቕርቡ ትኽእሉ::

6 ጨረታ ሰዓርቲ እንተኸይነኩም ዝሰዓርኩምዎ ንብረት ዉዕሊ ካብ ዝአሰርኩምዎ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 20 መዓልቲ ብፅሬትን መጠንን ብናይ ባዕልኹም መጎዓዝያ ናብ ቢሮና ክተቕርቡ ትኽእሉ::

7 መወዳደሪ ሰነድ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ሽምን ኣድራሻን ዘለዎ ናይቲ ትካል ማህተምን ፌርማን ክህልዎ ይግባእ ::

8 ተጫረቲ ዘይምለስ 30.00 /ሰላሳ ብር /እናኸፈልኩም ሰነድ ጨረታ ካብ ቢሮ ቴክኒክን ሙያን ትምህርትን ስለጠናን ክልል ትግራይ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ፋይናንስን ንበረት ምምር አብ ኮምፕሌክስ ህንፃ 3ይ ደብሪ ቁፅሪ ቢሮ 333 ካብ 22/ 01 /2010 ዓ/ም ክሳብ 14/ 02 /2010 ዓ/ም ሰዓት 8:00 ድሕሪ ቀትሪ እናመፃእኩም ክትወስዱ ትክእሉ::

9 ተጫረቲ ናይ ጨረታ ዉሕስና መክበሪ ንሎት 1ንመሳርሒ ፅሕፈት 5,000 /ሓሙሽተ ሽሕ ብር / : Â ንሎት 2 መለዋወጢ አቁሑት መኪናን ጎማን 4000 ቅርሺ ብ CPO Â ብጥረገንዘብ ወይድማ ካብ ባንኪ ዝተረጋገፀ ቼክ ክተትሕዙ ይግባእ

10 ኣብ ጨረታ ተወዳዲሮም ናይ ዘሸነፍዎ ልዕሊ 5000.00 /ሓሙሽተ ሽሕ ብር / እንተከይኑ ቫት 15 % Â ተወሳኪ ታክስ አብ ቢሮ ተቐሪፁ ኣታዊ ይኽዉን::

11 እተቕርብዎ ዋጋ ጨረታ ካብ ዝተክፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ን20 መዓልቲታት ፀኒዑ ዝፀንሕ ይኽዉን::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 እቲ ጨረታ ዕለት 14/ 02 /2010 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 8:00 ተዓፅዩ ተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 8:30 ኣብ ቢሮ ቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናን ክልል ትግራይ ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕደር ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ብተወሳኺ ድማ ዘድሊ ደኩሜንት እንተማሊኦም ይኸፈት::

13 ቢሮና ነቲ ጨረታ ዝሐሸ መማረፂ እንተረኸቡ ብሙሉእ ኮነ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ::

14 ንዝበለፀ ሓበሬታ ብቴሌፎን ቁፅሪ 251 344 40 34 47 ክትረኽቡና ትኽእሉ ምኮንኩም ንሕብር::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle